# <u>ትግራይ ሚድያ ሃውስ ድሕሪ ማይ ናብ በዓቲ፡</u>

ወያነ ኣብ ግዜ ሞታ ዘይከላኸሉላ ኣኽላባት እያ ኣጥርያ ኔራ። መዓስ ዉሕዉሕ ይበሃልን ኣይብሃልን ዘይፈልጡ። ሕጂ ካዕቦ እንተነብሑ ድሕሪ ማይ ናብ ባዓቲ ነየናይ ረሳዮም ክመልሱ? ነይናይ ሙሩኽኮዮም ከፍትሑ? ፖሎቲካ ዓላማ ዘይብላ ብኸብዲ ትግዛእ ትሽየጥ እንተኾይና ዋጋ የብላን። ዝሞተ ረሲዕካ ሓድሽቲ መወልቲ ከምትእልሽ እያ ትገብረካ። ከምዚ ትግራይ ሚድያ ሃውስ ዝበሃል ኣብ ኣሜርካ ዘሎ፡ ብስቓይ ህዝቢ ትግራይ ዝሸቅጥ፡ ሰራዊት ኢሰያስ ካብ ባረንቱ ዝዘመትናዮ መንቀርቀር፡ መንከሽከሽ፡ በራድ፡ ድስቲ ኩስኩቲ ይወስዶ ኣሎ እናበሉ ዝግዕሩ ዘለዎ ሃሱሳት፡ ወዮድኣ ንትግራይ ዝገበረ ማይ ሓቆነ ኮይኑ እንበር ሰራዊት ኤርትራ ድኣ ካብ ልመና ናብ ንግስና፡ ካብ ጥላም ሳእኒ ናብ ኮዮ፡ ካብ ሕሾ ናብ ጮማ፡ ካብ ልግቢጋብ ክዳን ናብ ባድላ እንድዩ ኣብጺሑዎም።

ኣሉላ በዳን ጭውነት ኤርትራውያን ኣጸበቕካ ትፈልጦ ኢኻ። ሕጂ ከኣ ዝለሓስ መዓኮራት እንተረኸብካ ሊሒስካ ለሓሒስካ ምግብኻ ዝኾነካ ኣልሽ። ወይ ሓቂ እንተሎካ ኪድ በዓል ደብረጽዮን ጻድቃን ብኸባቢ ተከዘ ተሓቢኦም ኣለዉ ይበሃል ኣሎ ከይተደምሰሱ ኢድኩም ሃቡ ኢልካ ሂወቶም ከድሕኑ ምኽሮም። ነውራብ። ስበስልጣን ኤርትራ ሃገር ክሃንጹ ከለዉ፡ ጁንታ ረዲኤት ንህዝቢ ትግራይ ተባሂሉ ዝተለገሰ እኽሊ ትሸይጥ ኔራ። ሰበስልጣን ኤርትራ ዲጋታ ምስ ምክልኻል ሓይልታት ኮይኖም ክሰርሑ ከለዉ፡ መራሕቲ ጃንዳ ኣብ ፈቕዶ ባራት ምስ ደቂ ደቆም ዝኾና ዕድመ ዘለወን ከመንዝሩን ክሰኽሩን ህዝቦም ረሲዖም ኔሮም። ሰበስልጣን ኤርትራ ሰላም ኣብ ሞንጎ ኤርትራ ኢትዮጵያን ክሰርሑ ከለዉ፡ ጃንዳ ኤርትራውያን ንተጋሩ ከደምቶም ክንከውን እዮም ዝደልዩ እናበለት ኣብ ህዝባ ጎስጓስ ጽልኢ ትነዝሕ ኔራ።

ናይ ጃንዳ ተዛሪብካ ስለ ዘይውዳእ ንታሪኽ ንግደፎ። ታሪኽ ከኣ ማሓራይ ኣይኮነን ንዝጻረሮ ከም ጉንቦ ማሸላ ክሳድክሳዱ'ዩ ዝቆርጾ። ኣብ መራሕቲ ጃንዳኻ ዝፍጸም ዘሎ እዩ። ኣሉላን ጭፍራኻን ኣብ ትሽትሽ ሓደ ክልተ ጻዓዱ ጋዜጠኛታት ተሸኵዕኩም ጸረ ሰራዊትን መንግስትን ኤርትራ ተካዩዱዎ ዘሎኹም ጎስጓስ ሕሰቡሉ ንበዓል ነፍስሄር ስዩም መስፍን ኣየርብሔን፡፡ ህዝቢ ትግራይ ድማ ነዞም ኣብጽቡቕ እናነበሩ ብሰላም ከይትነብር ሓለይቲ መሲሎም ንከይትቐስን ዝገብሩኻ ዘለዉ ትግራይ ሚድያ ሃውስ ብዓይኒ ሓልዮት ክትርእዮም ኣይግብኣካን። ምስ ጎረባብትኻ ኣጻሊኦም ሓዲግ መዲግ ክገብሩኻ እዮም።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር
ጥሪ 24, 2021